# ሃገርን ህዝብን ይሃሉ
# ኩሉ ድሓር ነርክበሉ

ብበላይ መስፍን

መተካእታ የብሉን ሃገራዊ ዋፅላ
ትባድም ኢያ ዘላ ሃገርና ብኹላ
ንእለዮ እዚ ሓደ ንሃገር ዘቕጽላ
ህዝቢ ኩላ ሕርር እያ እላ ዘላ
ሰለልቲ በዚሖም ከይትዛረብ ዓው ኢላ
ፈውሲ ንድለ ሃገር ከይሞተት እንከላ
ዘማሓድሩና ንኹሉ ዘደፍሩ
ንቐሺ ይኹን ንሸኽ ዘይሓፍሩ
ቤተ ክርስትያን ተደፊሩ ቀሺ ተኣሲሩ
መስጊድ ተጎርጊሩ ሸኽ ውን ታኣሲሩ
ክርስትና ኣይኣምኑ ወይ ውን ምስልምና
ሃይማኖት ዘይብሎም ናይ ሓዲና
እዝጊሄር ጸሊኡ እዚኦም ክረግጹና
ንዑ ከይንጠፍእ ንቃለስ ሓቢርና
ንዑ ንሕሰብ ሎሚ ከይጠፋእና
ሃገር ከይትተርፍ ኮይና ዑና
ኣይንመልሳን ኢና ድሓር ተጣዒስና
ኣብ ዓዲ ዘለኻ ሕነን ንመሰልካ
ኣብ ወጻኢ ዘለኻ ኣይትረስ ሰብካ
ዓዲ ኣይኮነካን ኢዩ ሃገር እንዳማትካ
ህዝብኻ ኣድሕን ታሪኽ ከይክፅበካ

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብፅ ዘሎ ህዝብና